# ሰንበት ዘብርሃን

## ታሕሣሥ 20 2017 ዓ.ም. (12/29/2024)

### ኣብ ብርሃን ክርስቶስ ተመላሊስካ ምኽኣል

መዝሙር፡ ኣቅዲሙ ነገረ በኦሪት ከመ ይመጽእ ወልድ በስብሓት...ወልድ ንጽዮን ቃል ተሓጓስ ኬስምዕ ከም ዝመጽእ ቀደም ብኦሪት ተናገረ፥ እንደገና ከኣ ብኣፍ ዳዊት እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ ተባህለ፥ ንሱ ንጻድቃን ዘብርህ ናብ ዓለም ዝመጽእ ብርሃን እዩ፥ ንዝጠፍኤ ኪረድእ ንዝተበተኑ ኪእክብ ንቤተ ክርስትያን መርዓዊኣ ኰይኑ ናብኣ መጸ።

ንባባት፡ ሮሜ 15፡4-9፥ 1ዮሓ 2፡1-15፥ ግ.ሓ.7፡23-35፥ ማቴ 3፡1-12።

ምስባክ፡ ፈኑ ብርሃነከ ወጽድቀከ፥ እማንቱ ይምርሓኒ ወይሰዳኒ ደብረ መቅደስከ፥ ወውስተ ኣብያቲኪ እግዚኦ። ብርሃንካን ሓቅኻን ልኣኽ ንሳተን ይምርሓኒ፥ ናብ ጽዮን ናብታ ቅድስት እምባኻን ናብታ ማኅደሪኻ ዝኾነት ቤት መቕደስን የብጽሓኒ፥ መዝ. 43፡3-4።

ኣብዚ ሰንበት ኣብ እነዕርጎ ጸሎት ብርሃን ኣምላኽ ኣብ መገዱ ኣብ ቤተ መቕደሱ ከብጽሓና ንልምን። ኣብ ኣምላኽ ገጹ ዝወስድ መገዲ ክንሕዝ ከሎና ኣብ መገድና ብርሃን ኣሎ ከይንዕንቀፍን ከምኡ መገዲ ከይጠፍኣና ንሱ ብጸጋኡን ብርሃኑን ምሳና ኣሎ። ብርሃና ኣብሪህና ኣብ ምንጪ ብርሃን ዝኾነ ኣምላኽ ገጽና ክንጉዓዝ ዝሕግዘና ጸሎት ኢና እነዕርግ ዘሎና።

ክርስቶስ ብምዓልቲ ብርሃን ክንመላለስ ደጋጊሙ ምሂሩና። ኣነ ብርሃን ዓለም እየ (ዮሓ 9፡5) እናበለ ሰባት ክርእዩ ክፈልጡ ከምዝደሊ ነጊሩ። ቅ. ዮሓንስ መስካሪ ብርሃን ምዃኑ (ዮሓ 1፡7) ይነግር እዚ ንነፍሲወከፍ ተኸታሊ ክርስቶስ ዝምልከት እዩ። ሰባት ነቲ ካብ ኣምላኽን ፍቕሩን ቆሪኑ ዓጊትዎም ዘሎ ወጺኦም ብርሃኑ ክርእዩ እንሕግዝ ንሕና ኢና። ብርሃን ዝሰፈኖ ሕልና መገዲ ሓቅን ቅንዕናን ሒዙ ነቲ ኣምላኽ ዘብርሃሉ ጸጋ እዩ ዝምስክር።

ክርስቶስ ንዓለም ብርሃኑ ኢኹም . . . . . ነቲ ጽቡቕ ግብርኹ ርእዮም ኣብ ሰማይ ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኼመስግንዎ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ (ማቴ 5፡1416) እናበለ ምስጢርን ድሕነት ኣምላኽን ብኣና ብኣመንቱ ንዓለም ከምዝሓልፍ ኣስተምሂሩና። ኣምላኽ ንኣና ንኣመንቱ መሳርሕቱ ክንከውን ብፍሉይ ይሓርየና ምስ ድላዩ ክንሰምር ከይንሰምር ግን ኣብ ውሳኔና ሓዲግዎ ኣይ ግድደናን እዩ፥ ግን ተለመነኒ ውሉደይ እናበለ ኣፍደገ ምሕረቱ ኩሉ ጊዜ ምስ ከፈተልና እዩ። በዚ ብሩኽ ሰንበት እምብኣር ብርሃን ተቐቢልና ብርሃን ክንከውን ሎሚ እውን ንጽዋዕ ኣሎና።

ብርሃን ዝጎደሎ መዓልትን ሕይወትን ከቢድ እዩ፥ ምኽንያቱ ብርሃን ንኹሉ ክንርኢ ይሕግዘና ጽቡቕን ክፉእን ክንርኢ እንከሎና እንገብሮ ክንመርጽ ንኽእል። ኣብ ጸልማት ምርጫ የለን ምትእምማን የለን ከምኡ ጸልማት እትገብሮ ኣይትፈልጥ ዝመጽኣካ ኣይትፈልጥ ስቓይ እዩ በዚ እዩ ኢየሱስ ኣነ ብርሃን ዓለም እየ ዝብለና፥ ኣብኡ ክንቀርብ ከሎና ኣብ ሕልናና ኣብ ልብና ብርሃን ኣሎ ኸው ንሓቂ ንሰላም ክንፈልጥ ንኽእል። ብርሃን ዓለም ንዝኾነ ክርስቶስ ክንቅበል ኢና እንሰናዶ ዘሎና እሞ ምሉእ ምቕርራብ ክንገብር ስንድዋት ንኹን።

ኣብ ናይ ሎሚ መዝሙር፥ ኣብ ጊዜ ኦሪት እቲ ዝመጽእ ቃል ተሓጓስ ከስምዕ ከም ዝመጽእ ብምድግጋም ተነጊሩ፥ ዳዊት ንጉሥ እቲ መስሕ ዘምጽእ ለውጢ ክነግር እንከሎ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ ይብለና። ንኣምላኽ ወኪሉ ዝመጽእ መልእኽቲ ሰላምን ፍቕርን ሒዙ ስለ ዝመጽእ ብሩኽ እዩ። ሎሚ ብዳግም ኣብ ልባትና ክመጽእ ክንሰናዶ እንከሎና

ፍሉይ መልእኽቱ ኣብቲ ዓዳል ብርሃን ዝኾነ ክርስቶስ ገጽና ክንጉዓዝ እቲ ምንታይ መጀመርያ ሕይወትና ጉዕዞና ርኢና ክንክእል ካልኣይ ንሓውናን ሓፍትናን ብርሃን ክርስቶስ ክበርሆም እሞ ብሓባር ፍቕሪ ኣምላኽ ርኢና ክንክእል።

ቅ. ዮሓንስ ኣብዚ ሰንበት ብዝያዳ ኣብ ብርሃን ክርስቶስ ክንሕወስ ኢሉ ጎደና እግዚኣብሔር ጽረጉ መገዲ ኣቕንዑ ይብለና። እዚ ንብዙሓት ክትንክፈና ኣለዎ። ኣብ ሕይወትና ክቐንዕ፥ ክሕደስ ርክብ ምስ ኣምላኽን ሰብን ከምኡ ምስ ርእስናን ሓቀኛ መልክዑ ክሕዝ ዝግብኦ ብዙሕ ነገራት ኣሎና። ክንስሓሉ ዝግብኣኒ ኃጢኣት፥ ምስ ሰባት ክዕረቕ እቕረታ ክሓትትን ክህብን፥ ዝኾነ ካብ መገዲ ኣምላኽ ብሰንኪ ትዕቢተይ ወይ ክፍኣተይ ኣርሒቐኒ ዘሎ ኣለልየ ምሕረት ክሓተሉ ብዝያዳ ዝትንስኣሉ ጊዜ ስለ ዝኾነ ክበራበር እሞ ኣብ ብርሃን ክመላለስ ይድለ ኣሎ።

ኣምላኽ ምሳና ክሓድር ኩሉ ጊዜ ምስ ደለየ እዩ፥ ወደይ/ጓለይ ካብቲ ጎልቢቡ ሒዝዎም ዘሎ ብርሃን ይምለሱኒዶ ይኾኑ እናበለ ይጽበየና ኣሎ። ከምቲ በታኒ ውሉድ ኣብ ወንጌል ሉቃስ 15 ዘሎ ንጉዕዞ ንስሓን ዕርቅን ክንትልሞ እዋኑ እዩ። ክትንሳሕ እቕረታ ክትሓትት ጸጋ ኣምላኽ የድሊ ካባና ዝድለ ናይ ምብጋስ መንፈስ እዩ ዘድሊ ዝተረፈ ኣምላኽ ንተበግሶና ዕርቡን ድሕነትና ቆጺሩ ክመልአልና እዩ።

ንሕልናና ርኢና ክንክእል መጀመርያ ቅንዕና ምስ ርእስና የድልየና ወላ እኳ ንኽፍኣትና ክንእመን ዝኸብደና እንተ ኾነ። ሎሚ ደፊርና ተጋግየ ኣቢሰ በዲለ እናበልና ንርእስና ንስምዒታትና ንኹሉ ንኽፍኣትና ካብ ምእማን ዝዓገተና ኣላሽ ኣቢልና ኣብ ትሕትናን ተኣምኖ ኃጥኣትና እናተጎዓዝና ነታ ኣብ ጥምቀትና ዘብራህናያ ብርሃን ሎሚ ብዳግም ክነብርህ ኣፍደገ ተኸፊቱልና ኣሎ። ነዚ ክንገብር ጸሎት ክንገብር ክንልምን ኣሎና ባህጊ ንበይኑ ሓንቲ ለውጢ ኣየምጽእን እዩ።

ኢሳያስ ነቢይ ደቂ ብርሃን ዘግብረና ነገራት እናገለጸ እቲ ዝመጽእ ንጉሥ ዘምጽኦ ለውጢ ደጋጊሙ ይነግረና። ኣብ ኢሳ 11፡1-10 ዘሎ እንተ ረአና ብፍሉይ ክነስተንትን ክንቅረብን ይሕግዘና። ኢሳያስ ናይ እቲ ዝመጽእ ንጉሥ ኩነታት ክገልጽ እንከሎ፥ መጀመርያ ኣብ ልዕሊኡ መንፈስ እግዚኣብሔር ክወርድ እዩ፥ መንፈስ ጥበብን ኣእምሮን መንፈስ ምኽርን ኃይልን ኪህልዎ እዩ፥ ንእግዚኣብሔር ከአ ክፈልጦን ኬኽብሮን እዩ፥ ንግዳማዊ መልክዕ ብምርኣይን ኪብሉ ሰሚዐ ብምባልን ኣይፈርድን እዩ፥ ብማዕረን ብሓቅን ክፈርድ እዩ፥ ንሕዝቡ ብፍትሕን ሓቅን ኪገዝእ እዩ እናበለ ኣብ ሕይወት ደቂ ሰብ ዘምጽኦ ይነግረና።

ኣብዚ ጊዜ ምጽኣት ዓቢ ተስፋ እናሃበ መጻኢና ብክርስቶስ እቲ መሲሕና ብሩህ ከም ዝኸውን ክነግር እንከሎ ኸአ። ንሱ ካብ ካልኣት ነጋውሥ ፍሉይ እዩ፥ ንግስነቱ ካብ ግፍዕን ጸቕጥን ነጻ ከውጽኣና እዩ። እዚ ማለት ኸአ ብልብና እንተ ተነሳሕና ካብቲ ብሰንኪ ኃጢኣትና ኣብ ጸልማትን ባርነትን እንነብሮ ሓራ ከም ዘውጽኣና ክንፈልጥ ንማለት እዩ። ኣብ ጭቆናን ባርነትን ግፍዕን ክነብር ዝደሊ የለን ስለዚ እዋኑ ነጻነት እንእውጀሉ ደቂ ብርሃን ኮና ብርሃን ክርስቶስ ኣብ ኩሉ ከም ዝበርህ እንገብረሉ ፍሉይ እዋን እዩ። እዚ ክርስቶስ ንጉሥና ዘምጽኣልና ሰላም ምስ ኣምላኽን ሰብን ኣብ ምሉእ ዕርቂ ከምእንርከብ ይገብረና በዚ ኸአ ኣብ መንጎና ሓድነትን ሰላምን ፍቕርን ከም ዝነግሥ ይገብረልና።

ኢሳያስ ነቲ መስሕና ዘምጽኦ ፍጽም ለውጢ ክገልጽ እንከሎ ተኹላ ምስ ዕየት ክሰፍር ነብሪ ኸአ ምስ ማሕስእ ክድቅስ እዩ፥ ምራኽን ኵርኩር ኣንበሳን ብሓንሳእ ኪበልዑ እዮም ንእሽቶይ ወዲ እውን ክጓስዮም እዩ፥ ላምን ድብን ብሓደ ወፈረን ኪበልዓ፥ ወለልደን ከአ ብሓደ በጥ ክብሉ እዮም፥ ኣንበሳውን ከም ብዕራይ ሓሰር ኪበልዕ እዩ፥ ዚጠቡ ሕፃን ኣብ ጥቓ እንዳ ተመን ኪጻወት ጎዳግ ጡብ ድማ ኢዱ ኣብ ጉድጓድ ከይሲ እናእተወ ኺጻወት እዩ. . .ኣብቲ ቅዱስ እምባ እግዚኣብሔር ከአ እከይን ጉድኣትን ዚገብር ሓደ እኳ ኣይክህሉን እዩ ይብል።

ብርግጽ ንክርስቶስ ብሓቂ ከምዚ ገርና ክንቅበሎ እንተ ኸአልና እዚ ዝብሃል ምንዮት ጥራሕ ኣይከውንን እዩ። ዓለም ኣብ ነነድሕድና እናፈራሕና እንነብረላ ኮይና ኣይምተረኽበትን፥ እቲ ብርቱዕ ነቲ ድኹም እናዓመጸ ኣይምነበረን።

ዘሎናዮ እዋን ሰባት ብዝያዳ ኣብ ጸልማት ዝነብሩሉ ኮይኑ ይርአየካ፥ መብዝሕትኡ ዓለምና ውግእ፥ ስደት፥ ክፍኣተ ግብሪ፥ ግብረ ሰዶምን ገሞራን፥ ዝርጋን ብልሽውናን፥ ምጭኽኻን ናይ ሰብ ስቓይን ሞትን ቕጭጭ ዘይብሎም ዝመልአ ዓለም ኢናን እንነብር ዘሎና። ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ሎሚ ብዝያዳ ብርሃን ክርስቶስ ክበርሃና እሞ ኣብ መገዲ ኣምላኽ ክንምለስ ዝግድድ እዋን ኢና ዘሎና። ኣብ ልብና ክንምለስ ኣሎና ምኽንያቱ ንጠፍእ ኣሎና። ኣብ ጎይታና ተመሊስና ኣድሕነና ንጠፍእ ኣሎና ንበሎ። ቤተ ክርስትያን ወግሐ ጸብሐ ተንስሑ ትብለና፥ ፀሓይና ክበርቕ ሕይወትና ንሓድስ።

መልእክቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮማ ዝተጻሕፈት ዝተነበትና ሓደ ዓይነት ዝኾነ ናይ ተስፋ መልእኽቲ ናብ ኩሎም ነገስታት ዓለም ትገልጽ። ጳውሎስ ከዘኻክረና ከሎ ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዚርከብ ትዕግስትን ምጽንናዕን ተስፋ ምእንቲ ክንረክብ እቲ ቕድም ዝተጻሕፈ ኩሉ ንትምህርትና እዩ ይብል። እዚ ተስፋ እዚ እዩ ኣብዚ እዋን ሒዙና ዘሎ። ኣብ መወዳእታ ናይ እዚ ዘመነ ምጽኣት ክሳብ እንበጽሕ ከምቲ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘሎ ዝፍጸም ብእምነትን ብጸሎትን ብፍቕርን ሓቢርና ከም እንነብር ይገብረና። በቲ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ዘሎ ኣምላኽ ክገብሮ ዘለዎ ክንሕጎስን ክነመስግንን ከም ዘሎና ጳውሎስ ደጋጊሙ ይነግረና። ከምቲ ኣብ ኢሳያስ ዘሎ ብሓደ ዓይነቲ ተመሳሳላይ መልእኽቲ የመሓላልፍ ካብ ዘርኢ እሴይ ዚውለድ ኪመጽእ እዩ፥ ንሱ ኣብ ኣሕዛብ ኪገዝእ ኪትንሥእ እዩ። ብእኡ ኸአ ኣሕዛብ ተስፋ ኺገብሩ እዮም (ሮሜ 15፡12) ይብል።

ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ናይ ዮሓንስ ምጥምቕ ምምጻእ ናይ እቲ ዝመጽእ መስሕ ጊዜ ከም ዝቐረበ ዝሕብር ከም ዝኾነ ይነግረና። ሓደ ኣድላዪ ዝኾነ መልእኽቲ የዘኻኽረና መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ ይብለና። ትንቢት ኢሳያስ ከለዓዕልና ኢሉ ጎደና እግዚኣብሔር ጽረጉ መገዱውን ኣቕንዑ ይብለና።

መልእኽቲ ዮሓንስ መጥምቕ ናይ እዚ ዘመነ ምጽኣት ጥቕሚ ኣትሪሩ ይገልጽ። ንጉዙፍ ነገር ወይ እውን ንናይ እዚ ዓለም ነገራት ኢልና እንቀራረቦ ጊዜ ኣይ ኮነን። ጊዜ ሱባኤ፥ ነቲ እግዚኣብሔር ነዚ ዓለም ዝገልጾ ብዕምቆት እናኣስተንተንካ እተሕልፎ ጊዜ እዩ። ንርእስኻ እተንጽሓሉ ኣብ ሕወትካ ዘሎ ከርፋሕ ነገራት ማዕሪ ገርካ ንጎይታ ብተስፋ ክትቅበል ኢልካ ብምሉእ ሕልናኻን ሰውነትካን እተቀራረቦ ጊዜ እዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሔር ዚርእዮ የልቦን እሞ ቅዱሳን ክትኮኑ ጽዓሩ (ዕብ 12፡14) ዝብል የስምዕ። ንኣምላኽ ዝበቅዕ ልቢ ክነሰናዱ ክንበራበር ኣሎና ተደፊእና ሕልናና መርሚርና ብክፍኣትና ተኣሚና ብምሉእ ንስሓ ርእስና ኣጽሪና ኣምላኽይ ኣብ ልበይ ተወለድ እናበልና ብተስፋ ክንጽበዮ ኣሎና።

ቅድሚ ኣብ ተስፋ ምጽኣት ምእታውና እምብኣር ንስሓ፥ ዕርቅን፥ ቅድስና ልብን፥ ኣቐዲሞም ኣብ ሕይወትና ባይታ ረኺቦም ክመርሑና ክነፍቅድ ኣሎና። ስለዚ ኣቐዲምና ነቶም ንኣምላኽ ከይንቕበል ዝዓግቱና ዘለዉ ከም ጻህያይ መንቁስና ካባና ንእለዮም። እዚ እዋን ጻህያይ ኃጢኣትና እንወፍረሉ ጊዜ ስለ ዝኾነ ኣብ መንበረ ኑዛዜ ተደፊእና ኦ ኣቦይ ኣብ ቅድሚ ሰማይን ኣብ ቅድመኻን ኃጢኣት ገበርኩ ደጊም ወድኻ/ጓልካ ኽብሃል ኣይበቅዕን እየ (ሉቃ 15፡18) ከም ምሕረትካ እምበር ከም በደለይ ኣይ ትኺደኒ እናበልና ናይ ተነሳሒ መንፈስ ሒዝና ክንቅረብ ኣሎና። ቤተ ክርስትያን ነዚ ኣብ ግምት ኣእትያ ንመድሕናን ንጉሥናን ዝኾነ ክርስቶስ ክንቅበል ኢላ ምስጢረ ንስሓ ሰሪዓትልና ኣላ። ብርሃና ክበርህ ንምንጪ ሕይወትና ዝኾነ ክርስቶስ ብዝያዳ ጣዕሚ ምጽኣቱ ክነስተማቕር እምብኣር ብምሉእ ልብና ኣብ ኣምላኽ ንመለስ ነዚ ኸአ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ